Tigrigna



# ናይ ሓጋይ ንባብ
## (ቤት ትምህርቲ ምስ ተዓጸወ)

### ውላድኩም ኣብ ትምህርቱ ክዕወት ሓግዝዎ።

ኣብ ግዜ ሓጋይ (ትምህርት ቤት ምስተዓጸወ) ዘንብቡ ቆልዑ ኣብ ትምህርቶም ብዝበለጸ ከምዝዕወቱ ትፈልጡዶ?

ደቅኹም ኣብትምህርቶም ክዕወቱ ዘኽእልዎም መንገድታት፤

- ንውላድኩም ነፃ ናይ ቤት ንባብ/ላይብራሪ መንነት/ካርድ ካብቲ ኣብ ኣካባቢ ዝርከብ ቤት ንባብ ኣውጽእሉ።
- ውላድኩም ኣብቲ ናይ ሓጋይ፡ ናይ ንባብ ክበብ ክሳተፍ ኣመዝግብዎ፡
- ውላድኩም መዓልታዊ ከንብብ ኣተባብዕዎ፤ ኣብ ናይ ሓጋይ ንባብ ዝሳተፉ ቆልዑ ቤት ትምህርቲ ክኽፈት እንከሎ ዝሓሸ ተግባራት የርእዩ።
- ደቅኹም ዝመርጽዎ መጽሓፍቲ ከንብቡ ሕደግዎም፡ ቆልዑ ብዘንብብዎ ሕጉሳት እንተኾይኖም ብዙሕ የንብቡ፡ ብተወሳኺ እውን ክእለቶም ይመሓየሽ።
- ንደቅኹም ብዛዕብ ዘንብብዎም ዘለዉ መጽሓፍቲ ሕተትዎም፡ ብናይ ገዛእርእሶም ቃልት ብዛዕባዘንብብዎ ዘለዉ መጽሓፍ ምግላጽ እንተኺኢሎም ብዝበለጸ ብዛዕባ ዘንብብዎ ዘለዉ ዛንታ ይርድኦም።
- ንደቅኹም መጽሓፍቲ ኣንብቡሎም ወይክኣ ብድምጺ ዝተቀርጸ መጽሓፍ ሓቢርኩም ስምዑ። ብዛዕባቲ እቲ ዝተኻፈልኩምዎ ዛንታ ወይ ከኣ ታሪክ ምዝርራብ ደቅኹም ሓደስቲ ቃላትን ሓሳባትን ክፈልጡ ይሕግዞም።
- ምንባብ ከም እትፈትዉ ንደቅኹም ኣርእይዎም፡ ብብሕትኹም በቲ እትመርጽዎ ቋንቋ ዝተዳለወ መጽሓፍ ኣምብቡ።

ናይ ኣካባቢኻ ቤት ንባብ ናይ ኢንተርሊንክ ኣባል እዩ፤ ኢንተርሊንክ ማለት ከኣ ምስ ኣብ ደቡብ ምዕራብ ብሪቲሽ ኮሎምቢያ ንዝርከቡ ዝተፈላለዩ ማሕበረ-ኮማት ዘገልግሉ ሕዝባዊ ቤት ንባባት ዝላፈን እዩ።

www.interlinklibraries.ca

PUBLIC LIBRARY inter LINK